# ብመኽንያት ማብል 30 ዓመት ዕለተ ናጽነት ኤርትራ

## ወድባዊ መግለጺ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

24 ግንቦት ዓመት መጸ እነ ብዕላ ታሪኻዊት ዕለተ ናጽነት ኤርትራ እያ። ህዝቢታት ኤርትራ ምእንቲ ናጽነቶምን ሓርነቶምን ክብሉ ንሓደ ክፍለ ዘመን ዝኣክል ኣንጻር ተበራረይቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ብዝገበሮ ተጋድሎን ዝተኸፈሎ ሰፍ ዘይብል ማእዋእቲን፣ ኣብ ወርሒ ግንቦት 24 1991 ነጻን ልኡላዊትን ሃገር ኤርትራ ዝተረጋገጸትሉ ታሪኻዊት ዕለት እያ ። ብፍላይ ድማእቶም ዝደሓሩ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ሃይለስላሰን ደርግን፣ ደገፍቶም ልዕለ ሓያላን ሃገራትን ንምምካት ኣብ ዝተኻየደ ዝሚረን ዝጸንከረን ዕጥቃዊ ብረታዊ ተጋድሎ ን30 ዓመታት፣ መድመይቲ መቑሰልቲን ስደትን ሓሳረ መከራን ተጸዊሩ ፣ሰብአዊን ንዋታውን ዓቅምና ዘብረሰ ጉዕዞ፣ መዳርግቲ ዘይነበሮ ጸበባ ተጸዊሩ እዩ ናብዛ ታሪኻዊት ዕለት 24 ግንቦት ዝበጽሐ። ብርግጽ እዚ ናይ ናጽነት ዓወት እዚ ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻን ልኡላዊትን ሃገር ብመኻና ዘሐጉስ እኻ እንተኾነ ፣ እቲ ዘሕዝን ግን እዚ ዓወት እዚ ማሉእ ዓወት ዘይመኻኑ እዩ። ብሓጺሩ እዚ ዓወት እዚ ካብ ተራ ሃገራዊ ናጽነት ሓሊፉ ምሉእ ሓራ ዝኾነ ሕብረተሰብን፣ ሰላምን ዲሞክራሲን ዝሰፈና ሃገረ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ በኺሩ ተሪፉ ። ስለዚ እዩ ድማ ህዝብና ነዚ ናጽነት " ናብ ዝኸፍኤን ዝሚረን ዘቤታዊ መግዛእቲ ኩሎም ባዕዳውያን ዘይፈጸምዎ በደላትን ግፍዕታትን ዝፍጽም ስርዓት ኢና ተኺልና " ዝብል። ካብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ን'60 ዓመታት ብዘይ ዕረፍቲ ህዝቢና ኣብ ቀጻሊ መድመይትን ስቃይን ይነብር ኣሎ። ህግደፍ ዓመት መጸ ከምልመድ አብቲ ቅያ ናይ ብረታዊ ተጋድሎና ትሓቢኡ ብዛዕባ እቲ ጅግንነት ክጭድር ከም ዝውዕል ፍሉጥ እዩ ። ይኹን እበር ንህዝብና እቲ ቅያ ናይ ብረታዊ ተጋድሉኡ አብ ዕለታዊ መናባብራኡ ለውጢ ክርእዮ አይከኣለን ፣ ህግደፍ ካብ ጸሕታሪ ናይ ኲናት ባህሪኡ ተብጊሱ ኣብ ውሽጢእዚ 30 ዓመታት ምስ ኩሎም ጎሮባብቲ ሃገርና ኲናት ብምዉላዕ ንህዝብና ብኣስገዳድ ኣብ ኲናት እንዳ'እተወ ኣደዳ ስቃይን መቐዘፍትን ገሩዎም እርክብ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት 24 ጉንቦት ካብ ኩሎም ዓመታት አዚዩ ፍሉይ ዝገብሮ ብመኽንያት ኮረና ቫይረስ ማላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገዛ ብምዕጻው አደዳ ጥምዋትን ጽምእን መከራን ብምግባር ህዝቢና ሕሉፍ ሓሊፍዎ ካብ ብጥምዋ ት እንመውት ኮሮና ይውሰደና ናብ ምባል ዝብጽሓሉ ህሞት ኢና ዘለና ። ምስ'ዚ ብተወሳኺ ሕዝቢ ኣብ ገዛ ዓጽዩ ደቁ ብኣስገዳድ ናብ ጎረቤት ሃገር ክልል ተግራይ ምስ ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምኽራኽ አብ ልዕሊ ሓውናን ጎሮቤት ሃገርናን ህዝቢ

ትግራይ ዓሌት ናይ ምጥፋእ ኩናት ብምኽፋት እቲ ኣብ ርእሲ ህዝብና ንሰላሳ ዓመታት ከውርዶ ዝጸንሐ ግፍዒ ሕጂ ድማ አብ ርእሲ ዉጹዕ ህዝቢ ትግራይ ብዘስካሕክሕ መልክዑ ጭካኔ ብዝመልኦ ቅትለትን ምዕማጽ ደቂ ኣንስትዮን ቅትለት መራሕቲ ሃይማኖትን፣ ምዕናው ኣብያተ ክርስትያናትን ምሳጊድን፣ ምዕናው ዩኒበርስታትን ፍብሪካታትን ፣ ምስራቅ ንብረትን ፣ ሰረሓይ ኢሉ ዝገብሮ ዘሎ እኩይ ተግባር እዩ ።

እዚ ብፋሺስታዊ ስርዓት ብህግደፍ አብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ ኮነ ኢልካ ንህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ሕጂ በዚ ኩናት እንተጠፊኦም ጽቡቕ በዚ እንተዘይጠፊኦም ድማ ኣብ ሓድሕዶም ዓሚቕ ጽልኢ ፈጢሮም ሕነ እንዳተፋዳደዩ ንዘልኣለም ኣብ ኩናት ንክነብሩ ዝተኣልመ እኩይ ተግባር እዩ።

ኣብዚ ህሞት እዚ ካብ ወለዶም ብሓይሊ ተገፊፎም ዝሞዩ መንእሰያትን ቆልዑን ኤርትራ አብዘይ ፈልጥዎን ዘይምልከቶምን ኩናት አትዩም ከም ቆጽሊ እንዳረገፉ እንክለዉ ሕጂ ውን ከምወትሩ ብዘብለጨልጭ ጨፈራሖን ብዘይ ትግበሩ መበጸዓን 24 ጉንቦት ተዘኪራ ክትውዕል እያ።

አብ ርእሲ ዉጹዕ ህዝቢ ትግራይ ዝወርድ ዝሎ ወራር ብኹሉ መልካዓቱ ኩሉን ዝኮነ ተግባር እዩ። በዚ አጋጣሚ ወድብና ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ነዚ ብፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ ክፍጸም ዝጸንሐን ዝፍጸም ዘሎን ጨፍጨፋን ባርባራዊ ምጥቃዓትን ኣብ ርእሲ ሰላማውያን ዝወርድ ዘሎ በደል አጥቢቅና ንኹንን ።

ኩሎምነዚ አረመናዊ ተግባራት ዝፈጸሙ ዘለዉ ገበነኛታት አብ ቅድሚ ፍትሒ ቀሪቦም ናይ ኢዶምፍርዲ ክረኽቡ ይግባእ። ማሕብረሰብ ዓለም ነዚ እኩይ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ተባዕ ስጉምቲ ክወስደሉ ንጽውዕ።